

# Orientation to Ontario

## ረብሓታትን ማሕበራዊ ሓገዛትን

1-855-626-0002
https://orientationontario.ca

### ረብሓታት

#### Employment Insurance (EI (ናይ ምቑጻር ስራሕ መድሕን))

ካብ ዓቕምኻ ንላዕሊ ብዝኾነ ምኽንያት ካብ ስራሕ እንተወጺእካ ረብሓታት EI ንምርካብ ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። - ንኣብነት፡ ሕጽረት ስራሕ ወይ ብምኽንያት ወቕታዊ ኩነታት ወይ ድማ ብምኽንያት ብብዝሒ ምጽልጻል ሰራሕተኛታት እንተኣጋጢሙ። ብቑዕ ንምዃን፡ ኣብዘን ዝሓለፋ 52 ሰሙናት ንብቑዕነትካ ክድግፍ ዝኽእል እኹል ሰዓታት ስራሕ ኣብ ካናዳ ኣዋህሊልካ ክትከውን ይግባኣካ።

ብዛዕባ EI ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንኣገልግሎት ካናዳ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ servicecanada.gc.ca

#### Canada Pension Plan (CPP (መደብ ጡረታ ካናዳ))

ዕድመኻ 65 ዓመት ኣብ ዝመልኣሉ ግዜ፡ ነቲ CPP ዘፍቅዶ ጡረታ ንምቕባል ብቑዕ ክትከውን ትኽእል ኢኻ። ኣብ ካናዳ ኣብ ናይ ስራሕ ሂወትካ ነቲ መደብ እንተወሓደ ሓደ ኣበርክቶ/ክፍሊት ክትገብረሉ ኣሎካ። ዕድመኻ ካብ 60 ክሳብ 64ኣብ ዝኾነሉ እዋን፡ እቲ ዝግባኣካ CPPክትወስዶ ትኽእል ኢኻ። እንተኾነ፡ እቲ ዝወሃበካ ክፍሊታት ክንኪ እዩ።CPP ንዘፍቅዶ ረብሓታት ኣብ ግዚኡ ምስዘይትቕበል ወይ ምስ እትድንጉይ፡ ዝወሃበካ ክፍሊት ክውሰኽ ይኽእል እዩ።

ብዛዕባ CPP ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ናብ ኣገልግሎት ካናዳ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ servicecanada.gc.ca

#### Old Age Security Pension (OAS (ጡረታ ውሕስነት እርጋን))

እዚ፡ 65 ዓመት ወይ ልዕሊኡ ንዝኾኑ ካናዳውያን ዝኽፈል ወርሓዊ ክፍሊት እዩ። ነዚ ክፍሊት'ዚ ብቑዕ ንምዃን ድማ፡ ድሕሪ 18 ዓመት ምምላእካ ኣብ ካናዳ ብውሕዱ 10 ዓመት ዝተቐመጥካ ክትከውን ኣለኻ።

ብዛዕባ OAS ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንመርበብ ሓበሬታ ካናዳ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ servicecanada.gc.ca ወይ findlink.at/oldagesecu

#### Canada Child Benefit (CCB (ረብሓ ቆልዓ ካናዳ))

CCB ብፈደራል መንግስቲ ዝወሃብ ወርሓዊ ክፍሊት ኰይኑ፡ ንወለዲን ንኻልኦትን መጉዚታትን ቈልዑ ኣብ ምዕባይ ንኽሕግዞም ተባሂሉ ዝኽፈሎም ክፍሊት እዩ። ነዚ ክፍሊት እዚ ንምርካብ ከተመልክት ኣለካ። እቲ ዝወሃብ ክፍሊት ምስደረጃ እቶት ዝተመዓራረየ እዩ።

ብዛዕባ CCBተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንወኪል ኣታዊ ካናዳ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶcra-arc.gc.ca ወይ findlink.at/cra-bnfts

#### Universal Child Care Benefit (UCCB (ዓለም-ለኻዊ ረብሓ ክንክን ቆልዓ))

UCCB፡ንነፍሲ-ወከፍ ትሕቲ ሽዱሽተዓመት ዝዕድሚኡ ቆልዓ ብፈደራል መንግስቲ ዝወሃብ ወርሓዊ ክፍሊት እዩ። እዚ ክፍሊት'ዚ፡ ንወጻኢታት ክንክን ደቀን ኣብ ምሽፋን ንኽሕግዘን ተባሂሉ ንስድራቤታት እዩ ዝወሃብ። እዚ ክፍሊት'ዚ፡ ነተን ኣገልግሎታት ክንክን ቆልዑ ዝጥቀማ ስድራቤታት ጥራይ ዘይኮነ፡ ንኹሎ ስድራቤታት እዩ ዝወሃብ።

ብዛዕባ UCCB ተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ንኣገልግሎት ካናዳ በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶ servicecanada.gc.ca ወይ findlink.at/UChildCB

### SOCIAL ASSISTANCE (ሓባራዊ ደገፍ)

#### Ontario Works (OW (ንጥፈታት ኦንታርዮ))

መደብ ንጥፈታት ኦንታርዮ፡ ግዚያዊ ፊናንሲያዊ ደገፍ ንዘድልዮም ሰባት ፊናንሲያዊ ሓገዝ ይህብ። እዚ መደብ ብተወሳኺ ስራሕ/ሸቕለት ንኽረኽቡ ዘኽእሎም ደገፍ እውን

ብዛዕባ OWተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ን Ministry of Children, Community and Social Services (ንሚኒስትሪህጻናትን ማሕበረሰብን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶontario.ca



Funded by / Financé par :

Ontario

Immigration, Refugees and Citizenship Canada

Immigration, Réfugiés et Citoyenneté Canada

ወይ findlink.at/SocialAssi

Ontario Disability Support Program (ODSP (መደብ ሓገዝ ስንክልና ኦንታርዮ))

እዚ መደብ፡ ፋይናንሲያዊ ሓገዝ ንዘድልዮም ስንክልናታት ዘለዎም ሰባት ይሕግዝ። ODSP ብተወሳኺ ስራሕ ንምርካብ ክሰርሑ ንዝኽእሉ ስንክልናታት ዘለዎም ሰባት እውን ይድግፍ።

ብዛዕባ ODSPተወሳኺ ሓበሬታ ንምርካብ፡ ን Ministry of Children, Community and Social Services (ንሚኒስትሪ ህጻናትንማሕበረሰብን ማሕበራዊ ኣገልግሎታትን) በዚ ዝስዕብ ኣድራሻ ተወከሶontario.ca ወይ findlink.at/Ont-DSP

ትፈልጥ ነይርካ ዶ?

እቲ OAS ዝጅምረሉ ዕድመ ቀስ ብቐስ እናተቐየረ
እዩ ዝኸይድ ዘሎ። እቲ ን OAS ብቑዕ ዝበሃል ዕድመ እናወሰኸ ክኸይድ ስለዝኾነ፡ ኣብ 1958 ን ድሕሪኡን ዝተወልዱ ሰባት በዚ ምቅይያር እዚ ክጽለዉ እዮም።



orientation to ontario l'ontario c'est chez moi